# ዓመታዊ ኣኼባ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፈር ማእከል ጀርመን

ብዕለት 31.10.2015 ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፈር ማእከል ጀርመን: ዓመታዊ ኣኼበኦም ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣቃኒዖም።

እቲ ኣኼባ ብኣቦ-መንበር ህግደፍ ንኡስ ጨንፈር ማእከል ኣቶ ዘርእሰናይ ገብረትንሳኤ:ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መእተዊ ቃል ድሕሪ ምስምዑ፣

ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን: ሓፈሻዊ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ዓለምናን ዘቶኮረ መግለጺ ሂቡ።

ስዒቡ ድማ ወኪል ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ: ሓፈሻዊ ንጥፈታት ግንባርን ኣባላትን:ኣብዚ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝተሰላሰሉ ስራሓትን ዕማማትን ገሊጹ።

ቀጺሉ ድማ ኣቶ ተኽልያ መኮንን ጸሓፊ ህግደፍ ንኡስ ጨንፈር ማእከል: ሓጺር ጸብጻብ ንኡስ ጨንፈር ማእከል ኣቕሪቡ። ድሕሪ'ዚ ኣባላት ዘለዎም ድኻማትን:ብልጫታትን ድሕሪ ምግምጋምን ምፍታሽን: እቲ ኣሉታዊ ጎንታት ብምውጋድ: ዝጽበዮም ዘሎ ሰፋሕቲ ሃገራዊ ዕማማትን ግንባርን: ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ብኣትኩሮም ክሰርሑ:ከምዘለዎም ኣስሚሮሙሉ።

ሕምረት ኣርእስቲ ናይዚ ዓመታዊ ኣኼባ " **ውሁድ ስትራተጂ ኤርትራዊ ግሎባል መኸተ** "ብዝብል ቴማ:ብኣቶ ተኸሉ ለባስን:ኣቶ ተድሮስ ጎይትኦም: ዝቐረበ እዋናውን ኣገዳስን ሰፊሕ ኣርእስቲ ኔይሩ። ኤርትራዊ ግሎባል መኸተ ትሕዝትኡ:-1.-ንዘለናዮ መድረኽን:ንውሁድ እስትራተጂካዊ መኸተና ዘነጽር ኮይኑ:ንሕና ከም ህዝቢ ኣብ ጎነጻዊ ኩናት ጸኒሕና:ሎሚ ድማ ኣብ ሓደ ሓያል ቁጠባዊ ኩናት ተጸሚድና ንርከብ።

ዕላማ :- ነቲ መስዋእቲ ዝኸፈልናሉን ንኸፍለሉ ዘለናን ሓራ መስመርና ዝወሓሰት ነብሳ ዝኸኣለት ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ርግእትን ሰላምን ዝሰፈና ሕፍርትን ክብርትን ሃገር ምትካል: ምኽኑ ደጊም ብምንጻር:ብመደብን ብሓድነትን ክንሰርሓሉ ዝግባእ ምኽኑ መዘኻኸሪ ቀሪቡ ።

ኣብ መዛዘሚ ኣኼበኛታት ንዝወረዱ ዘተ እወታዉን ኣሉታዉን ሸነኻቶም ገምጊሞም ንዝመጹ ሃገራዊ ዕማማት ከም ወትሩ ክሰላስልዎም ከም ዝኾኑ ድልውነቶም ገሊጾም። ኣኼበኛታት ኣብቲ ዝተዋህበ መግለጺ ብምምርኳስ ንመደባት ንጥፈታት ዘህብትም ኣገዳሲ ርእይቶ ብምሃብ:ኣብዚ ናይ ሓጺር እዋን ዕላማ ኣብ ዘተኩረለን መዳያት መደብ ስራሕ ብምሕንጻጽ ኣኼባ ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኣካየድቲ ኣካላት

ህግደፍ ን/ጨንፈር ማእከል ጀርመን